# ዋዛ ምስ ቁምነገር

## "ኢድ ሸናሒት ጸናሒት"
### (ጽዊጽዋይ)

ሓደ እዋን፡ በቲ ቐደም ግዜ፡ ሰብን ህበይን ኣንጭዋን ተመንን ብሓደ ሓቢሮም ንስደት ከዱ።

ኣብቲ ስደቶም ንሓደ ሃብታም ሰብኣይ ከስፍሮም ሓተትዎ። ንሱ ኸኣ፡ "ነቶም ካልእ ድሓን ከስፍረኩም ንመተን ግና ኣይፋለይን፡" ክብል መለሰሎም። ተመን ከኣ፡ "ኣይፋልካን፡ ኣስፍረኒ ደኣ። ከፊአ እንተ ኸፋእኩ ካብ ሰብ ኣይከፍእን እየ፡" በሎ። እቲ ሃብታም ሰብኣይ ከኣ፡ ሕስብ ኣቢሉ፡ በል እምበኣር፡ ድሓን አስፍረካ። ግና እዞም ስድራይ ርእዮም ከይስንብዱስ ፍንትት ኢልካ ኣብቲ ቋቑራ መንደቕ ውትፍ ኢልካ ሕደር" በሎ። በዚ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ኣስፈሮም። ሓጋይ ምሉእ ምስኡ ሓግዮም ከኣ ነናብ ዓዶም ተመልሱ።

ወዮ ኣስፌርዎም ዝሓገየ ሃብታም ሰብኣይ ዘይተጸበዮ ሓልፈት ረኺብዎ፡ ንዕኡ'ውን ኻልእ ዝበጽሖ በጺሕዎ ንኽስደድ ተገደደ። ካብኦም ምእንቲ ኪቕለት ድማ ናብቶም ሰናይ ዝገበረሎም ከደ።

ኣብኡ ነንጭዋ፡ "ቅለትኒ" በላ። ንሳ ድማ፡ "ብዓል ጽቡቕ ኢድ ኢኻሞ" ኢላ ካብ ናይ ሓደ ነጋዳይ ዋህዮ ቅርሺ ቀለተቶ።

ናብ ህበይ ከይዱ ኸኣ ከምኡ፡ "ቅለትኒ" በላ። ንሳ ኸኣ ተሓጕሳ፡ ንኹሎም ቤተ ሰባን ፈተውታን ኣኪባ ናብ ግርሁ ከደት። ኣብኡ እንዳእትታትን ጎናቡ መሸላን ሰሰቢራ ኣምጺኣ ድማ ቀለተቶ።

ከምኡ'ውን ንሰብ ከኣ ኸይዱ ከምኡ፡ "ቅለተኒ" በሎ እቲ ሰብ ድማ፡ "ሕጂ ዘሎኒ የብለይን እሞ፡ ዳሕራይ መዓልቲ ድኣ ክቕልተካ፡" ኢሉ ኣፋነዎ ንሱ ድማ መገዱ ኸደ።

እቲ ሰብ ዘይምቕላቱ ጥራይ ከይኣኸሎ፡ ነቲ ሰብኣይ ከተርቲ ኣብ ክሳድ መገዱ ከተርቲ ኣሕሊፉ፡ ነቲ ካብ ኣንጭዋን ካብ ህበይን ዝተቐልቶ ኹሉ ኣዝመቶ።

ወዮ ሰብኣይ እናተከዘ ተመሊሱ ናብ ተመን ከደ። እተጓነፎ እቲ ሰብ ዘውደቐሉ ዘይተሓሰበ ሓደጋን፡ እቲ ዝረኸቦ ጸበባን ሽግርን ኵሉ ኣዘንተዩ ምስ ወድአ፡ ኪቐልቶ ኸኣ ለመኖ።

ነዚ ሰሚዑ ተመን፡ "... ከፊአ እንተ ኸፋእኩ ካብ ሰብ ኣይከፍእን እየ። ኢለካ ዝነበርኩ፡ ትዝክሮዶ? እምበኣር ርአ ሰብ ከምኡ እዩ።" በክብል መለሰሉ። ሽዑ ቅጽል ኣቢሉ፡ "በል ኣነ እቲ ዝቐልተካ ክነግረካን ክህበካንሲ፡ ስምዓኒ፡" በሎ።

"ንጉስ ወዱ ኸመርዑ መርዓ ኺወርድ እዩ። ኣነ ኸኣ ተሓቢአ ጸኒሐ ተወርዊረ ነቲ መርዓዊ ክነኽሶ እየ። ሽዑ እቶም ወራድ መርዓን ዕዱማትን ሰብ ዳስን፡ "ኣታ ፈውሲ ተመን ዘለዎ? "ኣታ ፈውሲ ተመን ዘለዎ ሓደ ምሩቕዶ የሎን? ኪብሉ እዮም። ነዚ ሰሚዕካ፡ ኣነ'ለኹ በሎም። ሽዑ እዛ ፈውሲ እዚኣ ሃቦም፡" ኢሉ ፈውሲ ሃቦ። እዚ ቀለታይ እዩ እሞ፡ እንሆ እቐልተካ ኣለኹ።

በዚ ቀለታይ ጌርካ ነቲ ወዲ ንጉስ ምስ ፈወስካዮ፡ እቲ ንጉስ ኣቡኡ መናበሪኻ ዝኸውን ገንዘብ ክህበካ እዩ።" በሎ።

ከምቲ ዝበሎ ኸኣ ተሓቢኡ ጸኒሑ ነቲ ወዲ ንጉስ ተወርዊሩ ነቲ ወዲ ንጉስ ነደፎ። እቲ ወዲ ንጉስ ከኣ ወላእላእ በለ። እዚ ምስ ኰነ፡ እቶም ወራድ መርዓን ዕዱማትን ሰብ ዳስን፡ "ኣታ ፈውሲ ተመን ዘለዎ? "ኣታ ፈውሲ ተመን ዘለዎ ሓደ ምሩቕዶ የሎን?" ኢሎም ዓው ኢሎም ምስ ሓተቱ፡ "እቲ ሰብኣይ ኣነ'ለኹ" በሎም። በታ ዝተቐልታ ፈውሲ ገይሩ ነቲ ወዲ ንጉስ ኣድሓኖ። በዚ እቲ ንጉስ ተሓጒሱ ፍርቂ መንግስቱ ሃቦ።

ቀዳሞት ኣቦታት፡ "ኢድ ጸናሒት ሸናሒት" ዝበሉ ከምዚ ዓይነት ዝመሰለ ተግባር ወድ'ሰብ ምስ ተዓዘቡ እዩ።

"ሰናይ ግበር ንመን? ንማንም።" እቲ ሰናይ ኽገብር ዚሕልን፡ ሰላምን ህድኣትን ኣለዎ። እግዚኣብሄርን ሰብን ከኣ ይሕጐሰሉ። እምበኣርሲ ሰናይ ንምግባር ዘይምስልካይ። "ርሕራሔኦም ዘውርዩ ብዙሓት እዮም። ግናኸ ንእሙን ሰብ መን ይረኽቦ?" (ምሳ 20፡6)

## መዘኻኸሪ

ክቡራት ኣሕዋት
ስለቲ ዘይሕለል ጸሎትኩምን
ሓልዮትኩምን ከምኡ'ውን
ንኣገልግሎት ናይ ብስራት
ሕብረት ወንጌላውያን፡
እትገብርዎ ንዋታዊ ደኾን
ቁጠባዊ ደገፋት ኵሉ ልባዊ
ምስጋና ነቕርብ።

ከምቲ ዝሓበርኩምና፡ እቲ
ኣብ መበል 22 ዓመታዊ
ጉባኤን ቅድሚኡን ዝተማባጻዕ
ኩሞ መብጽዓ እንሆ በዚ
ነዘኻኽርረኩም ኣሎና።

ቸክኩም ናብ
Besserat Evangelical Society
ንምግባር ኣይትረስዑ።
ኣድራሻ፡
142 King Avenue
Columbus, OH 43201

ናይ መጽሄት ብስራትውን በዚ
ኣድራሻ ጌርኩም ክትልእኩዎ
ትኽእሉ ኢኹም።
ምናልባሽ እቲ መብጽዓኹም
ምዝካር እንተ ድኣ ኣድልዩ፡
ክትውከሱና ከም እትኽእሉ
ከነዘኻኽረኩም ንፈቱ።